## ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ

## ማቴ 5 ካልኣይ ክፍሊ

*ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረኣየ፡ ናብ እምባ ደየበ፣ ምስ ተቐመጠ ድማ፡ ደቂ መዛምርቱ ናብኡ ቀረቡ፡*
*"መንግሥተ ሰማያት ንዓታቶም ኢያ እሞ፡ ብፁዓን ድኻታት!!!"*
*እናበለ ድማ ኪምህሮም ጀመረ፡ (ማቴ 5፡1-3)*



ብግሪኽ ድኻ ዜስምዕ ክልተ ቃል ኣሎ፡ ሠሪሑን ደኺሙን መናበሪኡ ዚረክብ *πηνες* ይበሃል። ኪገልጽዎ እንክለዉ ከኣ፡ *ኣውቶድያቆኖስ* αυτοδιακονος ኢሎም ይገልጽዎ፡ ማለት ትርፊ ከይረኸበ ንርእሱ ዚኽእል ሠራሕተይና ማለት ኢዩ። እቲ ካልኣይ ቃል ከኣ ስኡን፡ ምግቢ ዕለቱ ዚስእን፡ ካብ ሰብ ዚጽበ *ፕቶኮስ πτωχος* ይበሃል። እኳ ደኣኒ፡ ተንበርኪኹ ወይ ተኹርምዩ ንዚልምን ኢዩ ዜመልክት። ድኻ ኣልኣዛር ኣብ ኣፍ ደገ ሃብታም "ዘንበርዎ" (ባዕሉ ኪንቀሳቐስ እኳ ዘይኽእል) ብቍስሊ ዝተወርሰ (ሉቃ 16፡20 ርኤ) *πτωχοι* ኢሉ ይጽውዮ።

ወንጌል እምበኣር *μακαριοι οἱ πτωχοι* ማለት *ብፁዓት ስኡናት* ኢዩ ዚብል።

ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ብዕብራይስጢ ስለዚዛረብ ዝነበረ፡ ዝተጠቐመለን ቃላት እንታይ ይኾና ክንሓትት ጽቡቕ ኢዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን (ብሉይ ኪዳን መብዛሕቱ ብዕብራይስጢ ኢዩ ተጻሒፉ) ክልተ ቃል ኣሎ ንድኻ ዜስምዕ፡ ኣኒ (ናይ ሓደ፡ ኣናዊም ናይ ብዙኃት)፤ ወይ ኤብዮን። ትርጉም እዚ ቃላት እዚ እናቀያየረ ኢዩ መጺኡ፡

1. ቅድም፡ ድኻ ማለት ነይሩ
2. ደሓር፡ ብሰንኪ ድኽነት ተሰማዕነት፡ ኃይሊ፡ ሓገዝ ዘይብሉ፡ ጸብለል ኪብል ዘይኽእል፡
3. ቐጺሉ፡ ብሰንኪ ድኽነቱ ተሰማዕነት ካብ ዝሰኣነ፡ ንዑቕ፡ ውጹዕ ዚብል ትርጉም ኪረክብ ጀሚሩ፡
4. ብሰብ ስለዝተናዕቐ ትጽቢቱን ተስፋኡን ኣብ ኣምላኽ ጥራሕ ዘሕደረ።

ብትግሪኛ፡ <u>መስኪን</u> ምተባህለ ማለት ኢዩ። ብሉይ ኪዳን <u>መስኪን</u> ዚብል ቃል ንተስፋን ረዳእን ዘይብሉ ሰብ ኢዩ ዚጥቀመሉ። ንኣብነት ኣብ መዝሙር ዳዊት፡

"*እዚ መስኪን እዚ ኣእወየ፡ እግዚኣብሔር እውን ሰምዖ፡ ካብ ኵሉ ጸበባኡ ኣድሓኖ*" (134፡6)፤

"*ድኻስ ንሓዋሩስ ኣይርሳዕን ኢዩ፡ ተስፋ መስኪን ንዘለዓለም ኣይኪጠፍእን ኢዩ*" *(9፡18)*"፤

"*ሕዝብኻ ኣብኣ ተቐመጠ፡ ኦኣምላኽ፡ ብለውሃትካ ንመሳኺን ሓለኻሎም*" *(68፡10)*።

እምበኣር *ፕቶኮስ πτωχος* <u>ኣኒ፡ ኤብዮን</u> ድማ ብእብራይስጢ እንተረኺብና፡ "*ብፁዓን ነዳያን*" ማለት "ብፁዓን ስኡናት" ማለት *"ብፁዓን/ዕዉታት/ዕድለይናታት እቶም ዓቕሚ ከምዘይብሎም ተረዲኡዎም ናብ ኣምላኽ ጥራሕ ዚጽግዑ!"* ኢልና ክንትርጕሞ ምተገባኣና ማለት ኢዩ።

እዚ ዕድል እዚ ንኪካፈል ሰብ፡

(1) ካብ ባዕሉ ዓቕሚ ብፍጹም ከምዘይብሉ ኪእመን ኣለዎ፡

(2) ስለዚ፡ ተስፋኡን ትጽቢቱን ኣብ ኣምላኽ <u>*ጥራሕ*</u> ኬሕድር ኪኽእል ኣለዎ።



እዚ ክልተ ነጥቢ ብግድን ኣብ ሓደ እዋን ዝተታሓሓዘ ኪኸውን ኣለዎ።እቲ ቀዳማይ ነጥቢ ንበይኑ ኣብ ተስፋ ቍርጸት ኬብጽሕ ይኽእል፡ እቲ ካልኣይ ብዘይ እቲ ቀዳማይ ንጥቢ ትህኪትን ትዕቢትን ኬልዕል ይኽእል።

<u>ቀዳማይ ነጥቢ</u>: ሰብ ካብ ግዙፍ ነገር ከምዚፍለን ከምዚርሕቕን ይገብሮ፡

<u>እቲ ካልኣይ</u>: ድማ ናብ ኣምላኽ ጥራይ ከምዚጽጋዕን ከምዚድገፍን ይገብሮ።

ናይ ክርስቶስ መልእኽቲ ብሓቂ ሓዲስ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣንጻር ዝኾነ ግምትን ትጽቢትን ከምዝኾነ ኣብዚ ይግለጽ። ስለዚስ እቶም: መሲሕ ንሠራዊቶም መሪሑ ንመግዛእቲ ሮማውያን ናብ ባሕሪ ኪጽርግፈሎምን፡ ወሰናስን መንግሥቲ ዳዊት ኣቦኡ ኬስፍሕን ዚጽበዩ ዝነበሩ ክንደይ ከምዝተዓንቀፉን ከምዝሰንበዱን ክንግምት ንኽእል። ዮሓንስ መጥምቕ ንርእሱ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ክልተ ተኸተልቱ ሰዲዱ ንኢየሱስ፡ "እቲ ኪመጽእ ዘለዎስ ንስኻ ዲኻ ወይስ ካልእ ኢና ክንጽበ?" ኢሉ ይሓቶ እሞ፡ ኢየሱስ ድማ፡ *"... ንድኻታት (πτωχοι) ድማ ወንጌል (ብሥራት ድኅነት) ይእወጀሎም ኣሎ እሞ፡ <u>ብሰንከይ ዘይዕንቀፍ ድማ ብፁዕ ኢዩ!"</u>* ይምልሸሉ (ማቴ 11፡ 6)። ስለዚስ እዚ "ኣዋጅ እምባ" ክስዕ ክንደይ መሠረታውን ሓድስን ከምዝነበረ ሕጂ ክንግምቶ ንኽእል። ኢየሱስ ድኻታት መልክዑ ከምዝኾኑ ኬረድእ፡ ኣብ ስብከቱ ኣብ ፍርዲ ዓለም ንጻድቃን ይኹን ንሓጢኣተይናታት፡ "ጠምየ፡ ጸሚአ፡ ዓሪቐ፡ ተጋሽየ፡ ሓሚመ፡ ተኣሲረ... ገርኩምለይ ወይ ኣይገበርክሙለይን" (ማቴ 25፡ 31- 46 ርኤ) ኢሉ ከምዝፈርዶም የረድኣና። ምስላ ድኻ ኣልኣዛርን ሃብታም ሰብኣይን ኣምጺኡ ድኽነት ንመንግሥተ ሰማያት መእተዊ ብሉጽ መንገዲ ከምዝኾነ የረድኣና (ሉቃ 16፡19-31)። በንጻሩ ድማ፡ ሃብቲ ዕንቅፋት ኪኾነና ከምዚኽእል የረድኣና። ምኽንያቱ፡

ቅዱስ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ከምዚ ገልጸሉ፡ *"እቶም ኪህብትሙ ዚደልዩ ኣብ ፈተናን መፈንጠራን፡ ንሰብ ናብ ምብራስን ጥፍኣትን ዜስጥሞ፡ ኣብ ብዙሕ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት ኢዮም ዚወድቁ። ፍቕሪ ገንዘብ ጉር ኵሉ ኽፍኣት ኢዩ። ገሊኦም ብህርፋን ገንዘብ ኪረኽቡ ኪብሉ ካብ እምነት ዘንበሉ፡ ናብ ርእሶምውን ብዙሕ ሥቓይ ኣምጽኡ"* (፩ ጢሞ 6፡9-10)። ናይቲ ንኢየሱስ ብቐረባ ኪኽተሎ ደልዩ ዝነበረ፡ እንተኾነ ሃብቱ ሸይጡ ንድኻታት ካብ ምሃብ ንኢየሱስ ምጥንጣን ዝመረጸ ሃብታም መንእሰይ፡ *"ሃብታም ናብ መንግሥተ ሰማያት ኪኣቱ ጭንቂ ከምዝኾነ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ደጊም ሃብታም ናብ መንግሥተ ኣምላኽ ካብ ዚኣቱ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ኪኃልፍ ከምዚቐልል እብለኩም ኣሎኹ።"* (ማቴ 19፡ 23-24) እናበለ ኢየሱስ ዓሂኡ ዝገለጸሉ፡ እኹል ኣብነት ይኾነና።



***ዕዮ ገዛ፡***

1. ካብቲ ኣብዚ ዝበልናዮ፡ ወንጌል ኣንጻር ሃብቲ ዲዩ? ጥቕሲ ቅ.መጽሓፍ እናምጽኤኻ ሓስብካ ግለጽ።
2. ሓንቲ ካብተን ካልኦት ብፅዕነታት ወሲድካ ምሉእ ትርጉማ ብጽሑፍ ግለጽ። እዛ ብጽዕነት ንሰብ ሎሚ'ሽ እንታይ መልእኽቲ ሒዛ ትርከብ?
3. ኢየሱስ ሎሚ ንጳጳሳትን ካህናትን ፈለስትን ዓበይትን መንእሰያት ዓለምለኻዊ ኣኼባ ዚጽውዕ ገርካ ገምት። ኬተሓላልፈሎም ዚደሊ መልእኽቲ እንታይ ይመስል ኢልካ ትግምት?